ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

Eritrean National Salvation Front

# ናይ ሓዘን መግለጺ

ኣብ ኢትዮጵያ እንርከብ ኣባላት መሪሕነትን ካድራትን ተጋደልትን መሰረታትን ግሃድኤ፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይን መራሕን ኢዮብ ብስራት ዝተሰማዓና መሪር ሓዝን ንገልጽ። ኣብዚ እዋን'ዚ መስዋእቱ ንህዝብን ደምበ ተቓውሞን ብሓፈሻ፡ ንግንባር ሃገራዊ ድሕነት ድማ ብፍላይ ዓቢ ክሳራ'ዩ።

ፈጣሪ ንነፍሲሐር ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት ኣብ መንግስተ-ሰማይ ከጽልሎን፡ ንስድራቤቱን ቤተ ሰቡን ጽንዓት ከውርደሎምን ንጽሊ። ኩሎም ኣባላት ውድብ፡ መሪሕነታትን መሰረታትን ድማ መስዋእቲ ሓደ ብድሕሪ'ቲ ሓደ ዝበጽሓና ዘይተርፍ ብጽሒትና ስለ ዝኾነ፡ ቅድመ ምምጻእ መዓልትና ዕላማና ናብ ዓወት ንምስጓም ሕድሪ ስውእ ኢዮብ ብስራት ተሸኪምና ቅናት ጽንዓት ቃልሲ ሽጥ ኣቢላን ክንቃለስ ም'ዃና ነረጋግጽ።

ኢዮብ ህያው ስውእ ኢኻ። ሓሚምካ እንከሎኻ'ኳ ግደኻ ምብርካት ዘይተቆጠብካሉ ቃልሲ ህዝቢኻ ክሳብ ናብ መዓርፎኡ ዓወት ዝበጽሕ ኣብ እንግድዓና ዘሎ ዘይወርድ ሕድሪኻን ሕድሪ ዝቐደሙኻ ስዉእት ብጾትካን ኣይነዋድቖን ኢና። ክሳብ ብማዓልትና ነርክበካ ንስኻ ኣብ'ቲ ብንቡር ዝተነጸፈልካ ሓመድ ቅሰን። ሽምካን ተሞኵሮ ቃልስኻን ድማ ምስ ናይ ቃልሲ ብጾትካ ኣብ ማሕደር ቃልስ ህዝቢና እናተጸሓፈን እናተዘከረን ክነብር'ዩ።

ኣብ ኢትዮጳያ ዝርከቡ ኣባላት ግሃድኤ
26 ታሕሳስ 2009